# ካብ ቫይረስ ሂማንፓፒሎማ ንነብሰኻ ምክልኻል
# ክታበት ሂማን ፓፒሎማ (HPV-9)








### እዚ ክታበት ካብ ምንታይ ይከላኸል፧

እዚ ክታበት ካብ ትሸዓተ ዓይነታት ሂማንፓፒሎማ (HPV) ቫይረስ፡ ዝተፈላለዩ ዓይነታት መንሸሮ ከስዕቡ ዝኽእሉ ከም ናይ ማህጸን፡ መሃንቱስ፡ ብልዕቲ፡ ርሕሚ፡ ከምኡውን መንሸሮ ርእስን ክሳድን ወዘተ ይከላኸል።

### ነዚ ክታበት መን ክወስዶ ኣለዎ፧

እዚ ክታበት ከም ኣካል ናይቲ ስሩዕ መደብ ክታበት ቤት ትምህርቲ ንተማሃሮ 6ይ ክፍሊ (ዕድሚኦም ካብ 11-12 ዓመት) ዝወሃብ እዩ። ኣብ 6ይ ክፍሊ ክታበት HPV-9 እንተዘይረኺብኩም፡ ክሳብ 26 ዓመት ዕድመ ብነጻ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

### ነዚ ክታበት መን ክወስድ የብሉን፧

ንገለ ክፋል ናይቲ ክታበት ኣለርጂ ምስትከዉን ወይ ድማ ድሕሪ እዚ ክታበት ወይ ገለ ክፋሉ ምስወሰድካ ከቢድ ወይ ዘይልሙድ ጎናዊ ሳዕቤናት ገርልካ ዝፈልጥ እንተኮይኑ ወይ ነፍሰጾር ምስትኮኒ ነዚ ክታበት ክትወስዶ ኣይግባእን። ቅድሚ ክትጠንስ ምፍታንኪ እኩል ምኽሪ ናይ ክታበት HPV-9 ካብ በዓል ሞያ ጥዕናኺ ክትውድእ ይግባእ።

### እዚ ክታበት እንታይ ጎናዊ ሳዕቤናት ኣለዎ፧

እቶም ጎናዊ ሳዕቤናት ልኡማትን ግዝያውያንን ኮይኖም ኣብቲ መርፍእ ዝተወግአሉ ቦታ ምቑያሕ፡ሕበጥ፡ቃንዛ፣ ብኽያት፣ ድኻም፣ ቁጥዐ፣ ሰዓል፣ ሽውሃት ምግዳል ወዘተ የጠቓልሉ። ኣብቲ መርፍእ ዝተወግኣሉ ኣካል ዝሑልን ጽሩይን ጨርቂ ብምቕማጥ ክመሓየሹ ይኽእሉ። ንረስኒ ወይ ቃንዛ ንምቊጽጻር ከም ኢቡፕሮፈን ወይ ኣሰታሚኖፈን ዝኣመሰሉ መድሃኒታት ክውሰድ ይከኣል።

### ዝኾነ ተወሳኺ ሕቶታት ምስ ዝህልወኩም ወይ ብዛዕባ ክታበትኩም መደብ ክትገብሩ ምስ እትደልዩ፡ ክትገብሩ ትኽእሉ:

- ናብ ሄልዝ ሊንክ (Health Link) 811 ደውሉ፡
- ናብ መስመር ቴሌፎን AIMGA’s Multi-lingual Health Hub for Newcomers 1-587-392-8062 ደዉሉ፡
- ናብ ሓኪም ስድራቤትኩም ወይ ናብ ፕራይሜሪ ኬር ኔትወርክ(primary care network)ተወከሱ፡
- ናብ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ዝወሃቦ ዝሕብሩ ሞያውያን booking.aimga.ca ሓገዝ ንምርካብ ቆጸራ ሓዙ።

AIMGA Alberta International Medical Graduate Association

Foundation Action 4 Humanity Development

Public Health Agency of Canada | Agence de la santé publique du Canada